# መምህር የልቦን ሎሚ ገገዛኹም ኪዱ

እዚኣ ግጥሚ ነቲ መምህር ስነጥበበኛ̄ታት ዝነበረ፣ ደራስን ዳይረክተርን፣ ነፍሲሄር ኢ.ስያስ ጸጋይ ንመዘከርታ ዝተገጥመት ኢ.ያ። ኣነ እንትርፎ ሽሙን ዝንኡን እምበር ብኣካል ርእየዮ ኣይፈልጥን። ቀጺሉ እምብኣር እቲ ግጥሚ ይቐርብ።

ክፍሊ ብምልእታ ማይ ፍልጠት ክትሰቲ
ኣዋልድ ኣወዳት ኣሰብኡት ምስ ኣንስቲ
ጥራዛ ገንጺላ ክትለቅም ፊደላት በብሓንቲ
ድልዉቲ ነበረት ተመሃራይ ናይዚኣ መዓልቲ

    ትምህርቲ ሓጋይ ተወዲኡ ነበረ ክረምቲ
    ተመሃራይ ነቒሑ  ከፊቱ ኣዕንቲ
    ኣእዛን ተኾኲዔን ክሰምዓ ምእንቲ
    ፍልጠት ክሰንቃሉ ካብቲ ሊቀ ሊቃዊንቲ

ኣልምድዎም እንድዩ ዘይተኣደነ ፍልጠት
ሃንጽዎም እንድዩ ክነውሑ ብቑመት
ኣብልሕዎም እንድዩ ክነጥፉ ብሂወት
ምህርዎም እንድዩ ክሓስቡ ብቕጽበት
እንታይከ ተርፍዎም ኮይኖም እንድዮ ኣብነት

    መምህር ግን ተሪፉ ኣይከምቀደሙን
    ተመሃሮ ኣዕለበጡ ኸይኮኑ ምናምን
    ሓሳቦም ዘንቢሉ ናይ ሎምስ ኣይግድን
    ስክፍታ  ጀመሩ ክብሉ ድንን ድንን

መምህር የልቦን ሎሚ ገገዛኹም ኪዱ
ዝብል መርድእ ምስ ሰምዑ ኣመና ሰንበዱ

    መምህር ተመንይዎ ናይዛ ዓለም ናብራ
    ቀይሩ በልዎም ናብ ዝሓሸ ስፍራ
    እንትርፎ ሰላም ዘይብሉ መከራ

እሞ ተመሃሮ እስከ ተዛረቡ
ሚዛን ናይ ፍልጠትኩም ክንደይ ኢ.ዩ ደይቡ
ወይስ ስቕ መሪጽኩም ክተርፍ ብድብድቡ

    ክውከሰኩም ኢ.የ በብሓደ ንኹሉኹም
    ተመሃሮ ናይ’ዚ ሊቀ ሊቃዊንቲ ዝነበርኩም
    ክተዘኻኽሩና ካብቲ ተዘክሮታትኩም
    ከመይ ነበረ ሕሉፍ ተሞኩሮታትኩም

ብምሌኑዶ ኸንጅምር ወይስ በቲኣ ኣደ
ትማሊዶ ኸንብል እንዳዘከርና ናትኩም ግደ
እስከ ንገሩና እንተሎ ዝተዋደደ
ወይ ንገሩና እንተሎ ዝዕደ

እስኪ ኸጅምር ብኣኺ ብኣል ገባር
ፍልጠትኪ ዘርዝሪ ጥራሕ ንምምስካር
ግቡእ እንድዩ ዓቢ መምህር ምዝካር
ትምህርቱ ኸንደግሞ ሓንጎልና ንምህጣር

እስከ ንገርና ከመይ ኔሩ ጉዕዞ
እቲኣ ኣደ ክትሰርሒ ዝነበረ ምህዞ
ቁምነገር ጽሑፉ ናይ ካሜራ ትሕዞ
ብሓንጎሉ ድዩ ወይስ ኔሩ ዝእዝዞ

ግዴኺ ኢዩ ነጨ መስክሪ ብሓቂ
ፍልጠት ዝቐሰምክዮ ብሓብር ይኹን ብዉልቂ
ተመራጺዶ ኔሩ ካብ ወርቂ ካብ ጨርቂ
እቲ ሊቅ ዝመሃረኪ ብዘይ ብቂ

ዝበኸኽዮ ብኽያት ነቲ ሊቀ ሊቃዊንቲ
ነጨ ግለጽዮ ዝሰኣንክዮ ትምህርቲ
እቲ መምህር የልቦን ኮንኪዶ ዝኸትምቲ
መብጽዓ ኣሎኪዶ ስሌኡ ኸትኮኒ ዕዉቲ

በሊ ነጨ ክኣልዮ ካብ ወረደ
መምህር ጨኪኑ ኣርሒቑ ካብ ከደ
ሞይቱ ኣይብሃልን ኢዩ ስነጥበበኛታት ዝወለደ
ኣሸክምኩም ኢዩ ከይዱ እቲ ዝኸበደ

በልከ ገዴኻ ኢዩ ዳዊት መስፍን እንታይ ትብል
ብዛዕባ እቲ ሊቀ ሊቃዊንቲ ቅሩብ ኸነዕልል
ኣብ ትማሊ ኔርካ ከም መራሒ ጋንታ ትዘልል
ኣብ ሚሌኑ ኔርካ ኣቦ ገብራት ጎብለል

ዋላ ኡካ ብተፈጥሮ ተውህቦ እንተሎካ
መምህር ግን ኩሒሉ ኢዩ ሃንጹካ
ስነጥበብ ኣስኒቑ ኢዩ ልኢኹካ
ናትካ ሓዊስካሉ ብሉጽ ተዋስኣይ ኮንካ

መምህር የልቦን ሕጂ እንታይ ኢኻ ኸትከዉን
ሸሙ ከይሃስስ ክትብርትዕ ኣሎካ እምበር ግድን
እስኻ’ውን ግዴኻ ኣውርስ ኣይትብል ድንን
ዕዳ መምህር ኣሎካ መንእሰያት ኸትውግን

ሄለን መለስከ እንታይ እኺ ኽትብልና
መልእኽቲ መምህር ብልሳንኪ ዝሰማዕና
እቲ ጥዕም ድምጽኺ ክኣቱ ኣብ ኣእዛና
ናይ መምህር ዜማታት እስከ ድገምልና

ክትብሊ ከሎኺ መልእኽቲ ነደቂ ሳዋ
መንዮም እዝኦም ናይ መምህር ለበዋ
ነግርክና እንድኺ ተመሃሮ ከም ዝነበሩ ክስብ ሽዋ
ሊቀ ሊቃዊንቲ ኣይገድፈን እቲኣ ሓቂ እንዲዩ ኣዊጽኡዋ

እንታይ ኢዩ እሞ ክብሃል እንታይከ ኽዝረብ
ዝምለስ እንተዝኸዉን መምህር ከፊልካ ብገንዘብ
ኣዋጅ ምተኣወጀ ኣሕዛብ መታን ክእከብ
ንፉስ ምተኣገድ መታን ከይሕንበብ
ማዕበል ዘፍ ምበለ ምገደፎ ዘብዘብ
መምህር መተለመን ክምለስ ንሓንሳብ

መምህር ግን ኣይምለሰን ኢዩ
ይኣኽለኒ ኢሉ ኣቕቢጹ እንዲዩ

ወይለኺ ስነጥበብ ወይለኺ ትምህርቲ
እምበር መምህርስ ደቂሱ ኣሎ ናይ ዘልኣለም ዕረፍቲ

ሃንደበት እንዲዩ ኮይኑ ሓደጋ ወሪዱ
በሉ መምህር የልቦን ሎሚ ገገዛኹም ኪዱ

ተሰሪቕናዶ ክንብል ወይስ ተዘምትና
ሊቀ ሊቃዊንቲ እምበር ኢና ኣጥፍኢና
መንግስተ ሰማያት የውርሶ ጽንዓት ከኣ ንዓና
ንነፍስሄር ኢሰያስ ጸጋይ ዕዙዝ ክብሪ ኣሎና
ተስፋ ንገብር ተካኢ ኽፈጥረልና።

ተገጥመ
ብኢንጂነር ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ
2012